# መምርሒ

## ኣብ በርሊን በዚ 11 ዝስዕብ(መገዲ) ጌርካ አፓርታማ ንምርካብ ዚሕግዝ ጠቓሚ ምኽርን ሓበሬታታትን ትረክብ፡

### ትሕዝቶኡ

- እቲ ኣፓርታማ(ገዛ) ናይ በይንኻ፡ ድዩ ወይስ ናይሐባር ኣፓርታማ ?
- ኣበይ ኢኻ ኣፓርታማ(ገዛ) ኽትረክብ እትኽእል?
- እቲ ኣፓርታማ ኽሳዕ ክንደይ እዩ ዓብዪ(ሰፊሕ) ኪኸውን ዘለዎ ?
- እዚ ኽውጽኦ ዝኽእል ዋጋ(ኽራይ) ክንደይ ኢዩ ?
- ሰነዳት(ሊስታ) መመልከቲ ወረቐት፡ አቕርብ
- ነቲ ኣፓርታማ ኽትርእዮ ኸለኻ እንታይ ኢኻ ኣብ ግምት ከተእቱ ዘሎካ ?
- ወጻኢታትካ ናብ ዝሸፉንልካ ትካል፡ ኣመልክት
- ግምት ወጻኢታት ዝርዝር መዘኻኸሪታት(መረዲኢታት) አዳሉ(አቕርብ)።
- ናይ ኣፓርታማ(ገዛ) ክራይ ዉዕል ምግባርን፡ እቲ ገዛ ምዉሳን።
- እቲ ኣፓርታማታት አብ ትወሀበሉ ገዜ መዘኻኸሪ፡ ዝኸዉን ሊሳት(ጽሑፍ) ሐዝ።
- እቲ ቐጺሉ ዘሎ ስጕምትታት ከ እንታይ እዩ ?
- ግሎሳሪ (መግለጺ ቓላት)

interaxion

offensiv´91 e.V.
Verein für soziale und kulturelle Dienste
für Frauen, Familien, Kinder und Jugendliche

Bezirksamt Treptow-Köpenick | BERLIN

# እቲ ኣፓርታማ ናይ በይንኻ፡ ድዩ ወይስ ናይሐባር፡ ኣፓርታማ እዩ?

ኣብ ኣፓርታማኻ(ገዛኻ) ከአ፡ ከምዚ ዝቕጽል(ዝስዕብ) አሎካ።

- ቀንዲ(ዋና) ክራይ ዊዕል ገዛ( ሃውፕትሚትፈርትራግ)፡ አለካ።
- ንቤትካ ናይ ምንዳፍ(ምስትኽኻል) ብዙሕ ናይ ብሕትኻ ናጽነትን፡ አለካ።

ኣብ እቲ ናይ ሐባር ኣፓርታማኻ ዘሎ ኸአ፡

- መብዛሕትኡ ግዜ ውዕል ንኡስ ውዕል(untermietvertrag) ሓድሓደጊዜ፡ ግዜኡ ድሩትን(ዝተወሰነን) እዩ ።
- ናይ ገዛእ ርእስኻ ሐንቲ ኽፍሊ፡ አለካ።
- ማሕበር መማህርትኻ ብፍላይ ከኣ መንእሰያት ኣብ ሓባራዊ ኣፓርታማታት እዮም ዚነብሩ
- ኣብ ማእከል እታ ኸተማ እውን ሕሱር ክራይ ገዛ ይርከብ።
- እቲ አብቲ ገዛ ዘሎ ስራሐት፡ ድማ ተማቂሎም ይሰርሕዎ ይዓይዎ (ንምሳሌ፡ ጽሬት ገዛ) ከምኡውን ኣቕሑት፡ ምዕዳግ ኩሉ፡ ብሓባር፡ይገብሩዎ(ይሰርሑዎ)።
- ሓባራዊ ንጥፈታት፡ ዉን፡ ሐቢሮም የካይዱ።

እቲ "ሓቢርና እንቋዕ ብደሓን መጻእኩም" ዘርእስታ ፕሮጀክት ሓባራዊ ኣፓርታማ ንኽትረክቡ፡ ይሕግዘኩም።





# ኣፓርታማ ወይ ናይሐባር ኣፓርታማ(WG) ኣበይ ክትረክብ ትኽእል? ׀

ሓያሎ ኣፓርታማታትን ወይ ናይሐባር ኣፓርታማታት(WG) ኣብ መድረኽ ብኢንተርነት ኪርከብ ይከኣል እዩ፡

- www.immobilienscout24.de
- www.ebaykleinanzeigen.de
- www.immowelt.de
- www.immonet.de
- www.inberlinwohnen.de
- www.immonet.morgenpost.de
- www.tagesspiegel.immowelt.de
- www.wg-gesucht.de
- www.wgcompany.de

ብዘይካዚ ተኻረይቲ ኣብ ወብ ዛይተ ባዶ ኣፓርታማታትን ሓደስቲ ፕሮጀክትታት ህንጻታትን የቕምጡ እዮም ፦

- www.degewo.de
- www.gewobag.de
- www.howoge.de
- www.stadtundland.de
- www.wbm.de
- www.gesobau.de
- www.hws-berlin.de

# ኣፓርታማ ወይ ናይሐባር ኣፓርታማ (WG)ኣበይ ክትረክብ ትኽእል? ||


- www.vonovia.de
- www.deutsche-wohnen.com
- www.allod.de
- www.adler-wohnen.com
- www.berlinovo.de
- Genossenschaften in Berlin

ካልእ ብዙሕ ነገራት እውን ኣሎ!

ናይ ኣባይቲ ማሕበራት እውን ኣሎዉ :እዚ ብፍላይ ማሕበራዊ ክራይ ገዛ ኢዩ ። ሓፈሻዊ ትሕዝቶ እዚ ዚስዕብ
አብ ኢንተርነት ኪርከብ ይከኣል እዩ፦

https://www.berlin.de/special/immobilien-und-wohnen/adressen/wohnungsbaugenossenschaft/

ናይ ብሕትኻ፡ ዝካራይ ገዛ ኽራይ እንተደሊኻ፡ ኣብ ኢ በይ( ebay Kleinanzeigen) ክትረክብ ተኽእል።
መብዛሕትኡ ግዜ ናይሐባር፡ ኣፓርታማታት ክትረክብ እንተደሊኻ፡ ነቲ ዚህብዎ ኣጋጣሚታት ከአ፡አለዉ፡ ኣብ ናይ
ገጽ ፌስቡክ(Facebook) የካፍልዎ(የዉጽእዎ) እዮም ።





## እቲ ኣፓርታማ ኽሳዕ ክንደይ እዩ ዓብዪ ኪኸውን ዘለዎ ? እዚ ኸውጽኦ ዝኽእል ዋጋ እንታይ(ክንደይ) ኢዩ ? ׀

### እቲ ኣፓርታማ ኽሳዕ ክንደይ እዩ ኺዓቢ ክኸዉን ዘለዎ?

ንነፍሲ ወከፍ ሰብ ሓንቲ ኽፍሊ ብ 12 ትርብዒት ሜተርን(qm) ክኸዉን ኣለዎ። ንቆልዑ ትሕቲ 6 ዓመት ዝዕድሚኦም 10 ትርቢዓት ሜተር(qm) እዩ ዝዉሰን፡ ሰብ ሓዳርን ኣሕዋትን ግን ኣብ ሓደ ኽፍሊ፡ ኺካፈሉ፡ ይኽእሉ እዮም (እቲ፡ሕጋዊ ደረት ዝተሓተ እዩ) ።

### እቲ ክራይ ገዛ ኽንደይ እዩ ዝኽፈሎ?

ናይ ገዛእ ርእሱ ኣታዊ (ዶሞዝ) ዘለዎ ሰብ እንተኾይኑ፡ ካብ መንግስቲ ጥኞሚ(ሐገዝ) ኽይረኸበ፡
ዝነብር፡ ሰብ እቲ ክራይ ገዛ፡ ሓደ ሲሶ፡ ናይቲ ዶሞዝ(እቶት) ክኸውን ኣለዎ።

ኣብ መወዳእታ እቲ መምርሒ ታቤላ ኽትረክብ ኢኻ። ኤቪ AV Wohnen ሾነን ንማእከላት ስራሕ ንማሕበር ግምቢ ሐለዋ፡ ከምኡውን ንቤት ጽሕፈት ማሕበራዊ ድሕንነት ዝኸውን መጠን ክራይ ገዛ ግቡእ ምኳኑ ይገልጽ።
ኣቓልቦ ግበረሉ!ግዳም ሓደር እንተ ኼንካ ወይ ነዊሕ ከይጸናሕካ ግዳም ሓደር እንተ ኼንካ ተወሳኺ 20% ክትረክብ ኢኻ ጸገም ኬጋጥመካ ከሎ (ንኣብነት በይነን ዘዕብያ አዴታት፡ ኣረጋውያን፡ ስንኩላን ፡ ወይ ሕዱር ሕማም ዘለዎም ሰባት፡ ከምኡውን ካልእ ከምኡ ዝኣመሰለ ጸገማት)፡ ካልእ 10% ከምኡውን ኣብ ኣፓርታማታት ዳብሊው. ቢ. ኤስ(WBS) ዘለውሞ፡ ነዚሚእታዊት እዚ ክዉስኽልካ ይኽእል።

# እቲ ኣፓርታማ ኽሳዕ ክንደይ እዩ ዓብዪ ኪኸውን ዘለዎ ? እዚ ኸውጽኦ ዝኽእል ዋጋ ክንደይ ኢዩ ? II

ላፍ(LAF)፡ ማሕበራዊ ድሕንነትን(Sozialamt)፡ ማእከል ስራሕን(Jobcenter)፡እቲ ክራይ ገዛ ይምርምር፡-
ጠቕላላ ክራይ ገዛደ መሰረታዊ ክራይ ገዛ ከምኡውን ዓቐን፡ ናይ ስራሕ ወጻኢታት (እዚ ማለት፡ ምክንኻን
ናቲ ስፍራ ኣታኽልቲ፡ ጐሓፍ መጉሐፊን፡ ከምኡውን ካልእ ከምኡ ዝኣመሰለ ነገራት ዘጠቓልል ኢዩ)

1. እንተላይ 20% ግዳም ሓደር(መንበሪ ዘይብሎም) ንዝኾኑ፡ ዝኽፈል ክፍሊት እሎ።

= 511,20€

= 618,54€

= 761,28€

= 856,44€

= 1.029,38€

+ 121,10€

2. ዋጋ መሞቒ (ሰሌዳ ርአ) Heizkosten(siehe Tabelle)

ክልቲኡ ብጠቕላላ ክራይ ገዛ (ብሩቶ ካልተሚተ) ይኸዉን ።
ኣቓልቦ ግበር! ሓፈሻዊ ናይ ቍጽሪ ክራይ ገዛን ናይ መሞቒ ወጻኢታትን ብደረጃ ውልቀ - ሰብ ርትዓዊ ክኸውን
 ኣለዎ፡ ኣብ ነፍሲ ወከፍ ኣጋጣሚ ኸኣ (ናይ ጠቕላላ፡ ክራይ ገዛ ድዩ?) ክምርመር ወይ ክርኤ ኣለዎ ።





# እቲ ኣፓርታማ ኽሳዕ ክንደይ እዩ ዓብዪ ኪኸውን ዘለዎ ? እዚ ኸውጽኦ ዝኽእል ዋጋ እንታይ ኢዩ ? III

## ዋሕስ(ትሕጃ)፡-(Kaution)

- ላፍ(LAF)ቤት ጽሕፈት ማሕበራዊ ድሕንነትን ማእከል ስራሕን (Jobcenter)ነቲ ገንዘብ ብመልክዕ ልቓሕ ይቈጻጸሮን(የለቅሕን) እዩ።
- ናብ ካልእ፡ ኣውራጃ(ቦታ) እንተ ቐዪርካ፡ ነቲ ዚቕበል ማእከል ስራሕ(Jobcenter)አብቲ ሐዲሽ ቦታ ትቕይር።
- ካብቲ ናይ መሰረታዊ ክራይ ገዛ ዝኽፈል፡ብሰለስተ ዕጽፊ(Netokaltmiete) የለቁሑኻ።

## ውዕል፡ ናይቲ፡ ገዛ፡ ክራይ፡-

- ከም ሕጊ መጠን ውዕላት ክራይ ገዛ ንዘይተወሰነ ጊዜ ኢዩ ዝወሀብ ። ይኹን እምበር ሐደ ሐደ ጊዜ፡ ውዕል ንኡስ ውዕል ገዛ ኣብ ግዜኡ ኺድረት ይኽእል እዩ ። እንተ ወሓደ ንሸዱሸተ ወርሒ ወይ ብዝበለጸ ኸኣ ን2 ዓመት ክኸዉን ኢና እንምሕጸን።

ብዛዕባ እቲ ትካረዮ ገዛ፡ ዝያዳ ሓበሬታ ኣብዚ ታሕቲ፡ ኽትረክብ ትኽእል ኢኻ።

# በዚ ዝስዕብ ሰነዳት ናይገዛ መመልከቲ ወረቐት(BEWEBUNGSUNTERLAGEN) ተቕርብ።

ኮፒ ፡ ወይ፡ንኹሉ እቲ ብኤለክትሮኒካዊ መገዲ ዚለኣኽ ሰነዳት ብቕዳሕ ወይ ብፒ. ዲ. ኤፍ.(PDF) ምልእኽ፡፡

- ☐ **ደብዳበ ትጽሕፍ፦** ገዛእ ርእስኻን (ምስ ስድራ ቤትካን) ምስ ኩሉ ኩነታትካን ከተፋልጦም፡ ትኽእል ኢኻ፡፡
- ☐ **ትጽቢት ዚግበረሉ ፎርም ምምላእ፦** ካብቲ ኣካሪዩ፡ ብሕታዊ ሓበሬታ ፎርም (መብዛሕትኡ ግዜ ኣብ
 እዋን ምብጻሕ(ምርኣይ)ነቲ ገዛ፡ ወይ ብድሕሪኡ ብሊንክ (e.B ብኢ-መይል) ይሓትት፡፡
- ☐ **መንነት ወይ ፓስፖርት፡** ኩሎም ኣባላት ስድራ ቤትን ፍቓድ መንበሪ (ክልቲኡ ወገን) ይሓትት፡፡
- ☐ **ካብ ዕዳ ናጻ ምኳንካ ዚገልጽ ወረቐት ምስክር፦** ዕዳ ኸም ዘይብልካ ዚገልጽ ወረቐት ምስክር፡፡ ካብ ናይ ሕጂ
 ዋና ገዛኻ/ ኣብ መሕደሪኻ(ዘለኻዮ ገዛ) ኽትወስዶ(ከተምጽኦ) ትኽእል ኢኻ፡፡
- ☐ **ሹፋ፦** ብዛዕባ "ክረዲት ካርድ"ካ (ወጻኢታትካ ኽትከፍል ትኽእል እንተ ኼንካ ወይ እንተ ዘይኼንካ ወይ እንተ
 ዘይጌርካ) ዚገልጽ (ዝሕብር)፡ ካብ ፖስት፡ባንክ፡ ቮልክስ፡ባንክ፡ ወይ ኣብ ኢንተርነት ክትረኽቦ(ከተምጽእ)
 ትኽእል ኢኻ ፡፡
- ☐ **ኣድላዪ እንተ ኾይኑ ብዛዕባ ናይ ዝሓለፈ ሰለስተ ወርሒ ደሞዝ** ወይ ብዛዕባ እዚ ሕጂ ዘሎ ናይ
 (ሐገዝ) ምምልካት ካብ ማእከል ስራሕ(Jobcenter)) ካብ ቤት ጽሕፈት ማሕበራዊ ድሕንነት (Sozialamt )(ወይ
 ካብ ቤት ጽሕፈት ጉዳያት ስደተኛታት (LAF) ከተቅርብ(ከተምጽእ) ኣለካ፡፡
- ☐ **ተጽንዕ(ትመሀር) ወይ ትለማመድ እንተ ኣሊኻ፦** ምስክር ወረቐት ምዝገባ ወይ ውዕል ስልጠና(ትመሐሮ)
 ከተቕርብ ኣለካ፡፡
- ☐ **ናይ መንበሪ ገዛ ንምርካብ እሞ ትሑት ኣታዊኻ(ደሞዝካ) እንተኮይኑ፡** ወረቐት ምስክር (WBS) - ንማሕበራዊ ኣባይቲ ብትሑት ክራይ ገዛ፡ ንኽትረክብ ትሐት ምናልባት እውን "ፍሉይ ኣባይቲ፡ ዜድልዮ"
 ኪኾውን ይኽእል እዩ፡፡

# ነቲ ኣፓርታማ ኽትርእዮ ምስከድካ እንታይ ኢኻ ኣብ ግምት ከተእቱ(ክትገብር) ዘለካ ?

ሰነዳት እቲ "ዝርዝር መመልከቲ ሰነድ " ከም ፋይል(ዶኩመንት) ኣኪብካ ምሳኻ ክትወስዶ አለካ።

እቲ ኩባንያ አካራይ ናቲ ገዛ ዕድመ ኸም ዜቕርበልካ ግበር።

መብዛሕትኡ ግዜ ፎርም ክትመልእ ግድነት እዩ ።

ነቲ ፎርም ብኸመይ ከም እትረኽቦ (ብኣካል ወይ ብኢ-መይል) ሕተቶም።

ዋጋ ገዛ ክራይ፡ ቍጽሪ ኽፍልታት፡ ከምኡውን ግዝፊ (ዕብየት)እቲ ኣፓርታማ፡ ኸምቲ ዝቐረበ ድዩ፡ ኣረጋግጽ።

መዓጹን መሳኹትን ይዕጾ ድዩ ?

ኣብ ሓደ ቦታ ዝተርከሰ መንደቕ (ኦሞዲታ) ትርኢዶ ኣለኻ? እቲ ናይ ኤለክትሪክ ገመድ ከ ድሓን ድዩ? ጽቡቕ ጌርካ ርአዮ።

እቲ ናይ ማይ መተሐላለፊ ቱቦታት ይዓዪ(ይሰርሕ) ድዩ? ኩሉ ጹቡቕ ጌርካ ርአዮ።

ጀርመንኛ ዚዛረብ ሰብ፡ ምሳኻ ውሰድ።





## ወጻኢታትካ(ናይቲ ገዛ ክራይ) ንኽሽፉኑልካ አብቲ ዝምልከቶ አካል አመልክት።

### ኣብ ላፍ (Beim LAF)፡

- መመልከቲ ወረቐት ብሕታዊ (ናይግሊ) ምቕራብ፦ ኣብቲ ኣብ ዳርቪን(Darwinstr.) ዚርከብ ሚትዛኽገቢት Darwinstr.14-18, 10589 Berlin በርሊን ወይ ብኢ-መይል፡ ሕተት።
- ኩሉ ምስ አማላእካ(ብድሕሪኡ) ጥራይ እዩ እቲ ውዕል ገዛ፡ ክራይ ክትፍርም ዘለካ።
- መረጋገጺ ብምሃብን ናይ ቈጸራ ዕድመን + ክራይ ገዛን ዋሕስን ንምምሕልላፍ ምስታ ጕጅለ ውዕል ክራይ ገዛ (ዋና ገዛ)ንምርካብ ነቲ ዝምልከቶ ጕጅለ(ትካል) ትህቦም።

### ኣብ ማእከል ስራሕ -(Beim Jobcenter)

- ባዕልኻ (ናይ ዉልቃዊ) ዝረኸብካዮ ገዛ ዝካረ ሒዝካ እቲ፡ ክፍሊት ናይ ገዛ ግምት ዋጋ፡ተቕርብ።
- ናይ ወጻኢኻ ክፍሊት ከምዝኽፈለልካ ምስሐዝካ ኢኻ ውዕል ክራይ ገዛ ትፍርም።
- ነቲ ምስ ውዕል ገዛ ክራይ አተተሓሓዘ መሕደሪ ዚኸውን ወጻኢታት ኣመልኪትካ እቲ ትሕጃ፡ ክንደይ ከምዚወስድ ኣመልከት(ሕተት)።
- ንኣቕሑ ገዛን ዝኸዉን፡ መዝሓሊትን(ፍርጅ)፡ መሕጸቢ ክዳን ማሽን ፡ዚኸውን ንመጀመርታ ዘድልየካ፡ ኩሉ ወጻኻ

ብጹሑፍ፡ ከተመልክት(ከተቕርብ) ኣሎካ።


interaxion

offensiv'91 e.V.
Verein für soziale und kulturelle Dienste für Frauen, Familien, Kinder und Jugendliche

Bezirksamt Treptow-Köpenick BERLIN

# ክፍሊት ናይ ገዛ ግምት ዋጋ( ዝርዝር )

**ቲ ዚወጽእ ወጻኢታት ንምሽፋን እንታይ ዓይነት ሰነዳት(ዶኩመንት**
**ኣብቲ ትካል ምሀብ ዜድልየካ?**

☐ **ብዉልቅካ ዝረኸብካዮ ገዛ፦ ኩሉ እቲ ብዛዕባ ኣፓርታማ(ገዛ) ዚገልጽ ምስኡ ዚተሓሓዝ ሓበሬታ ኣብቲ ኣፓርታማ**

ተጠቓሊሉ ኣሎ።
.ኣድራሻ ናየቲ፡ኣፓርታማ
. ሚትቤገን(ኣብቲ ገዛኻ ትእትወሉ፡ መዓልቲ፡
. ስፍሐት(ዓቀን) እቲ ኣፓርታማ
. ቊጽሪ ኽፍልታት
. ናይ ማሕበር ግምቢ ሐገዝቲ(WBS)ሐገዝ ኣድላዪ ድዩ ?
. መሰረታዊ ክራይ ገዛ።
. ናይ ስራሕ ወጻኢታት(Betriebskosten)፡ መመላእታ ወጻኢታት(Kalte Nebenkosten)
.መዉዓዪ ገዛ፡
.ትሕጃ(ዋሕስ) ገንዘብ
. ዓይነት መውዓዪን ዕብየት(ዓቐን) እቲ ህንጻን፡
. እቲ ኣፓርታማ(ገዛ) ኣብ ምቹእ(ጡዑይ) ኩነታት ድዩ ዘሎ ?
. ምድጃ፡ መሕጸቢ ላባንዲኖ ኣሎዎዶ?
. እቲ ኣፓርታማ (ብኸፋል) ኣቕሑ ዘለዎድዩ?

☐ **ናይ ብሕቲ ክራይ ገዛ - መርትዖ ዋንነት (ካብ መዝገብ መሬት ዝወጸ ዋና ምኻንካ መግለጺ)የድሊየካ።**

ኣብ ትሕቲ ቑጽጽሩ(ትሕቲ) ናይቲ ተኸራያይ እንተ ኮንካ ክትካረ ደሊኻ ዘለኻ፦ ካብቲ ቀንዲ

☐ **ዋና ኣካራይ ገዛ፡ ኽትካረ ከምዝደለኻ (እቲ ዋጉኡ ምእንታን ከተነጻጽር) ፍቓድ ትሐትት።**

. እቲ ክራይ ገዛ ከምጉቡኡ ድዩ "ተመዓራራዩ" (ተመቒሉ) ዘሎ?
. እቲ ኣከፋፍላ ክራይ ገዛ ብኸመይ እዩ ዚውሰን ?
. እቲ ቐንዲ ተኻረይቲ መን እዩ ?
. ኩሉ ሰብ (እቶም ዝምልከቶም ኣካላት) ፈሪሞም ዶ ?

# ዉዕል ገዛ ክራይ፡ ኣፓርታማን - እቲ ገዛ ክትርከቦ ኮለኻ፡ እንታይ ክትፈልጥ ኣሎካ ? I

**እቲ ናይ ክራይ ገዘ ዉዕል እንታይ እንታይ ዝሐዘዝዩ ?**

ናይቲ፡ ኵሉ፡ ዉዕል ክራይ ገዛ፡ብሽሞም፡ ምፍራም።
. መጠን(ዋጋ) ክራይ ገዛን፡ ዋሕስን(ትሕጃን)
. ኵሉ እተኻረዩ ኽፍልታት (ክሽነ ሽቓቕ ... )
. እቶም ተኻረይቲ ዝአትዉሉ ዕለት፡ መዓስ እዩ? እንተ ተኻኢሉ ኸኣ ስጋዕ ክንደይ ደረት ግዜ(ወይ ዓመት)
እዩ ተወሲኑ ዘሎ።
. ጒድለታት ዘለዎ ነገራት፡ምምዝጋብ፡ ናይ ኤለትሪክ ቆጻሪ አንቢብካ፡ መጽሐፍ ...
. ሕግታት ቤት(ገዛ) አተሐሕዛ፡ምፍለጥ።
. ኣብ መንጎ ተኻረይቲን አካራይን እተገብረ ብሕታዊ ስምምዓት ምስምማዕ።

**ፍሉይ ቈላሕታ ኽግበረሉም ዘለዎም** - **(Besonders zu beachten)**

. እቲ እተኻረየሉ ግዜ ደረት(ዉሱን ጊዜ) አለዎ ድዩ?
. እዚ ክራይ ገዛ፡ እንዳወሰኸ ዝኸይድ፡ ድዩ ወይ እቶም ተኻረይቲ ወሰኽ ወሲኽሙሉ፡ አለዉ?
. ምዕራይ ወይ ምሕዳሰ፡ ዘድሊ እንተኾይኑ፡ ኣቐዲምካ አነጽር(ሕተት)።

**ብዘይ ኪቱንግ(መረጋገጺ ወረቐት) ኲነ፡ ብዘይ ድልየትካ፡ ገንዘብ ከይትኸፍል!**
**ንኹሉ ብጽሑፍ ሐዞ(መዝግቦ)!**
**ዘይተረድአካ፡ ውዕል ገዛ ክራይ፡ ኣይትፍርም።**



# .ዉዕል ናይቲ ክራይ ኣፓርታማን- እቲ ገዛ ክትርከቦ ኮለኻ፡ እንታይ ክትፈልጥ ኣሎካ ? II

**እቲ ገዛ ኣፓርታማ ምሓዝ(ምቕባል)።**

. ነቲ ትካረዮ ዘሎኻ ኣፓርታማ መርምሮ፡ ባዕልኻ (ኣድላዪ እንተ ኾይኑ) ምስ መሰነይታ፡ ሰብ፡ኮንካ ኪድ።
. እዋናዊ ኹነታት እቲ ኣፓርታማ(ገዛ) ኣብ ሓደ መምርሒ(ዉዕል) ወረቐት፡ ተመዝጊቡ ኣሎ?
. ክልቲኦም ወገናት እቲ ዉዕል ወረቐት፡ ይፍረሙ።
. ናብ ካልእ ቦታ ኽትግዕዝ(ክትቕይር) ኮለኻ ነቲ ናይቲ ኣፓርታማ ዚኸውን ተታሒዙ ዝነበረ ትሕጃ፡ ገንዘብ
ክምለሰልካ ይኽእል፡እንተዘይኮይኑ ገን፡ አብቲ ገዛ ሓድሽ
ጒድለት(ዝተበላሸወ) ነገር፡ እንተ ተረኺቡ ባዕልኻ፡
ክትከፍሎ አሎካ፡ ንሱ ከአ ብመሰረት እቲ ውዕል እዩ ዚውሰን።
. እቲ ጒድኣት ወይ ጒድለት ክሳዕ ሕጂ ዘሎ ኪጽገን(ክዕረ) ዘለዎ ብመዝገብ (ውዕል) ይተሐዝ።
.ምስ አካራይ እቲ ገዛ፡ ክዘራረብ ዝኽእል ሰብ ምሳኻ ውሰድ (ሕተት ንምሳሌ e.B ከም በዓል
Intergrationslots*innen፡ integration@offensiv91.de.
.ማሕበር ሐገዝ ተኻረይቲገዛ፡ ዝበሀሉ ማሕበራት ከአ ፡እንተተሸጊርካ፡ እንተተጠራጢርካ ኪድግፉኻ
ክሐጉዙካ ይኽእሉ።



interaxion
offensiv'91 e.V.
Verein für soziale und kulturelle Dienste für Frauen, Familien, Kinder und Jugendliche
Bezirksamt Treptow-Köpenick
BERLIN

# ዝርዝርመዘኻኸሪታት ሊስታ፡ እቲ ኣፓርታማ ክትቕበሎ(ክትሕዞ) ኮለኻ ዘድልየካ ነገራት።

ናብ እንታይ ኢኻ ኸተቕልብ (ከተስተዉዕል)ዘሎካ ? እንታይ ሕቶታት ኽትሓትት (ትደሊ)ዘሎካ( ?
ምልክት ዝተበላሸወ(ዝአረገ)፦ እቲ ኣፓርታማ ምሕዳስ የድልዮ ድዩ?
መጸበቒ(ጽገና) የድልዮ ድዩ?

☐ መሞቒ ገዛን ኤለክትሪክን ይዓዪ ድዩ? ጕድኣት ወይ ጕድለት ኣብ ምንጻፋት ኣብ እተሰብረ ቀጸላታት ኣብ
 እተበላሸወ ፒቪሲ(PVC) ወይ ብዕንጨይቲ ኣብ እተሰርሐ ባይታ .B ርስሓት አለዎ ዶ? ። ዅሉ ፈንስቲራ፡ ይዕጾ
 ድዩ? መሕጸቢ ነብስን፡ሽቓቕን መሕጸቢ ነብስን ባስካን ... ቅርጺ ወይ ማይ ከም እተበላሸወ ዚሕብር
ምልክታት ኣሎዶ? እቲ ትሕቲ ምድሪ ቤት(መኻዚኖ) ጥራዩ ድዩ፡ እንተ ዀይኑ እሞ እቲ ኣፓርታማ
 ጽሩይ ድዩ፡ ኖርማል ሕብሪ ዝተቀብኤ(ዝተለኸየ) ድዩ?

☐ አብቲ ስርዓት(ፕሮቶኮል) እንታይ ተጻሒፉ አሎ?
. ዕለትን፡ ስምን፡ ኣድራሻን፡ እቲ አኻራዩን፡ ተኸረየትን
.ኣድራሻ ናይቲ ኣፓርታማ(ገዛ)፡
. ኵሉ ጕድኣትን ፡ጕድለታትን፡ ምስኡ እተተሓሓዘ ውዕላትን፡
. ናይቲ ቖጻሪ ቑጽሪ ( ናይ ማይ፡ ናይ መዉዓዪ ገዛ፡ ናይ ኤለክትሪክ)
ኣስተብህል(መዝግቦ) ጸሐፎ።
. ብዛዕባ እቲ እተዋህበካ መፍትሕ ኣስተብህል (ናይ ቅድሚት ማዕጾ፡
ኣፓርታማ ፡ሳጹን ናይ ጾስጣ) አለዎዶ?
. መብጽዓታት(ቃል ምእታዉ) ናይ መጻኢ ዕላማ ስራሐት፡
. ክታም ክልቲኦም ወገናት፡

☐ **ምኽሪ(Tipps)፦** ንኹሉ መርሚርካ(አጸቢቕካ ረአዮ፡ ቅዳሕ ናይቲ፡ ጽሓፍ ከምዝህቡኻ፡ ግበር ።
ናብቲ ኣፓርታማ ኽትኣቱ ኮለኻ ነቲ ዅነታት መብራህቲ አስተብህለሉ
(ርአዮ)።  ንኹሉ ተጠንቂቕካ መርምሮ ዜድልየካ ግዜ ድማ ውሰድ ። ሓደ ሰብ ምሳኻ ዉሰድ ምስክር ምእንታን ክኾነካ።

## እቲ ዝቐጽል፡ ስጉምትታት እንታይ እዩ ?

ናይ መጀመርታ ገዛኻ መሳርሒታት(አቑሑት) ንኽትገዝእ፡ አበይ ትሐትት፡
.ንመጀመርታ ግዜ ናብ ኣፓርታማ ንምእታው ነቑሑት ዚኸውን ገንዘብ ካብ
ሃገራዊ ማሕበር(LAF)ትካል ድሕንነት
(Sozialamt) ማእከል ስራሕ(Jobcenter) ኬድካ፡ተመልክት።
. ተወሳኺ(ዝተፈለየ) ሐገዝ ዘድልየካ፡ እንተኾይኑ፡ ብጹሑፍ፡
ከተመልክት(ከተቕርብ) ኣሎካ።
. ኣየናይ ኣቕሑት ኸም ዜድልየካ ብዝርዝር ጺሕፍካ አቕርብ።

ሕሱር ኣቕሑ
. ብ ኢ በይ(ebay Kleinanzeige) ክትረክብ ትኽእል ኢኻ።
. ማሕበራዊ ድኳናትን፡ ዕዳጋ አብደገ(ፍሎ ማርኬት) ክትረክብ ትክእል።
. ከም እኒ " Free your stuff Berlin" ንስደተኛታት ኣቕሑ ዘወፍዩ"
ዝኣመሰላ ጉጅለታት ፌስቡክ
ጌርካ ትደሊ።
ውዕላት ምዝዛም(ምግባር) ምስ ዝተፈላለዩ፡ትካላት(Verträge
abschliesen)
.ከም ኤለክትሪክ፡ ኢንተርነት፡ ምግቢ መስርሒ ጋዝ፡
. ከም ናይ ቤት መድሕን) (Hausrat Versicherungen) ወይ፡
መድሕን
ሓላፍነት(Haftpflicht Versicherungen) ዝኣመሰለ
መድሕን(ዉዕለ) ኢኑሽራንስ ምግባር።
. ነዚ ውዕላት እዚ ባዕልኻ ኢኻ፡ ትኸፍሎ።

ኣብ ቡርገር አምት፡ ኣድራሻ፡ ምምዝጋብን(ምዉጻእን)፡ ንሱ ምስ አዉጻእካ
ከአ ናብ ከም ባምፍ (BAMF)
ሊኤ(LEA) ባንክ መድሕን ጥዕና (ኢንሹራንስ)ንዝኣመሰለ ኣብያተ -
ጽሕፈት ምዝርራብን ...
አብ ሐድሽ ቤእ ትምህርቲ ከአ፡ ትምዝገብ።



## ግሎሳሪ መግለጺ ቓላት(GLOSSAR- WORTERKLÄRUNGEN)

**.ደረት ግዜ፦ ኣብቲ ውዕል ክራይ ገዛ ብቑዕን፡ ዝያዳ ሓበሬታ ዘለዎ ክኸዉን አለዎ ።**
**. ትሕጃ፡ ጉድኣት(ጉድለት) እንተ ኣጋጢሙ፡ ነቲ ተኸራያይ ገዛ ድሕንነት ዝሕግዝ ዝኽፈል ትሕጃ፡እዩ፡**
**ልዕሊ ሰለስተ ዕጽፊ እቲ መርበብ(ቀንዲ) ክራይ ገዛ እዩ።**
**. መርበብ ቀንዲ ክራይ ገዛ፦ ብዘይ ናይ ስራሕ ወጻኢ ኣብ ትርብዒት ሜተር ክራይ ገዛ ይዕቀን።**
**. ሓፈሻዊ ጠቕላሊ ክራይ ገዛ፦ ቀንዲ ዚኽፈሎ ስራሕን ዋጋ መሞቒ ገዛን ሓዊስካ ድምር ክራይ ገዛ እዩ፡**
**. ተወሳኺ ወጻኢታት ፦ ቐንዲ= ናይ ስራሕ ወጻኢታት // ጠቕላላ = ዋጋ መሞቒን**
**.ናይ ደላላይ ኮማሽን፦ካልእ ሰብ ድማ ነቲ ኣፓርታማ ምድላዋት ይገብረሉ፡ ንሱ ከአ እቲ፡**
**መሰረታዊ ስርዓት ዓማዊል ይዓዪ፡ መብዛሕትኡ ግዜ በቲ ክራይ ክኽፈል ኣለዎ ።**
**ካብ መታለልቲ ድማ፡ ተጠንቀቑ!!!**
**. አቑሑት ዝህቡካ፡ክፍሊት፦ ናይቶም አብቲ ገዛ ዝነበሩ ተኻረይቲ አቑሑት ከፊልካ ክትወስዶ**
**ወይ ክትቕበሎ ኮለኻ።**
**. ናይ መንበሪ መሰል ምስክር ወረቐት (WBS)፡ ትሑት ክራይ ገዛ ዘለዎ ማሕበራዊ ኣባይቲ ነቶም ብዙሕ ኣታዊ**
**ዘይብሎም ወይ ባዕሎም ክኸፍሉ ዘይክእሉ አብ(ማእከል ስራሕ ላፍ ቤት ጽሕፈት ማሕበራዊ ድሕንነት)**
**ዝወስዱ ኢዩ ። ንኣብነት ግዳም ሓደር ምኳንን ኣብ በርሊን ወይ ኣብ ካልእ ጸገማት ንሓደ ዓመት**
**መንበሪ ምርካብን።**

interaxion

offensiv'91 e.V.
Verein für soziale und kulturelle Dienste
für Frauen, Familien, Kinder und Jugendliche

Bezirksamt Treptow-Köpenick | BERLIN

# ኣብዚ እዋን እዚ ንኣማኸርቲ፡ ስራሕን ንቤት ጽሕፈት(JOBCENTER) ማሕበራዊ ድሕንነትን(SOZIALAMT) ክሳዕ( 01/2022) ብቑዕ ደረት ኣለዎ። እዚ ዚስዕብ ዝርዝር ናይ ኣቪ ቮነን ሊስታ(AV –WOHNEN-LISTE) ኣሎ።

**AV Wohnen - Ausführungsvorschriften zur Gewährung von Leistungen gemäß § 22 SGB II und §§ 35 und 36 SGB XII**
**Stand: 14. Dezember 2021**

| Größe Bedarfs-Gemeinschaft | Richtwert Bruttokalt in Euro | Bruttokalt + 10% in Euro | Bruttokalt + 20% in Euro | Bruttokalt + 30% in Euro | Bruttokalt + 40% in Euro | Gebäude-Fläche in m² | Grenzwert Heizkosten Erdöl in Euro | Grenzwert Heizkosten Erdgas in Euro | Grenzwert Heizkosten Fernwärme in Euro | Abschlag bei dezentraler Warmwasser-versorgung |
|---|---|---|---|---|---|---|---|---|---|---|
| 1 Person | **426,00** | 468,60 | 511,20 | 553,80 | 596,40 | 100-250 | 75,50 | 71,00 | 94,00 | -7,00 |
| | | | | | | 251-500 | 73,50 | 66,00 | 87,50 | |
| | | | | | | 501-1000 | 71,50 | 61,50 | 82,00 | |
| | | | | | | >1000 | **69,50** | **58,50** | **78,50** | |
| 2 Personen | **515,45** | 567,00 | 618,54 | 670,09 | 721,63 | 100-250 | 98,15 | 92,30 | 122,20 | -9,00 |
| | | | | | | 251-500 | 95,15 | 85,80 | 113,75 | |
| | | | | | | 501-1000 | 92,95 | 79,95 | 106,60 | |
| | | | | | | >1000 | **90,35** | **76,05** | **102,05** | |
| 3 Personen | **634,40** | 697,84 | 761,28 | 824,72 | 888,16 | 100-250 | 120,80 | 113,60 | 150,40 | -11,00 |
| | | | | | | 251-500 | 117,60 | 105,60 | 140,00 | |
| | | | | | | 501-1000 | 114,40 | 98,40 | 131,20 | |
| | | | | | | >1000 | **111,20** | **93,60** | **125,60** | |
| 4 Personen | **713,70** | 785,07 | 856,44 | 927,81 | 999,18 | 100-250 | 135,90 | 127,80 | 169,20 | -12,00 |
| | | | | | | 251-500 | 132,30 | 118,80 | 157,50 | |
| | | | | | | 501-1000 | 128,70 | 110,70 | 147,60 | |
| | | | | | | >1000 | **125,10** | **105,30** | **141,30** | |
| 5 Personen | **857,82** | 943,60 | 1029,38 | 1115,17 | 1200,95 | 100-250 | 154,02 | 144,84 | 191,76 | -14,00 |
| | | | | | | 251-500 | 149,94 | 134,64 | 178,50 | |
| | | | | | | 501-1000 | 145,86 | 125,46 | 167,28 | |
| | | | | | | >1000 | **141,78** | **119,34** | **160,14** | |
| jede weitere Person | **100,92** | 111,01 | 121,10 | 131,20 | 141,29 | 100-250 | 18,12 | 17,04 | 22,56 | -2,00 |
| | | | | | | 251-500 | 17,64 | 15,84 | 21,00 | |
| | | | | | | 501-1000 | 17,16 | 14,76 | 19,68 | |
| | | | | | | >1000 | **16,68** | **14,04** | **18,84** | |

Zuschlag +20% für Wohnungslose oder von Wohnungslosigkeit bedrohte Menschen
Zuschlag +10% für Härtefälle (Alleinerziehende, Schwangere, Kranke, Behinderte, Ende der Jugendhilfe,...)
Zuschlag +10% für Sozialwohnungen (WBS)
**Diese Zuschläge zum Richtwert der Bruttokaltmiete können je nach persönlicher Situation addiert werden.**
**Klimabonus und Zuschläge müssen im Einzelfall beantragt werden. Heizkosten Wärmepumpen sind extra geregelt.**

*Quelle: SenIAS zusammengestellt von XENION, Wohnraum für Geflüchtete*

## IMPRESSUM

Copyright 2021 InteraXion
InteraXion, Willkommensbüro und Wohnraumberatung für Menschen mit Migrations- und Fluchterfahrung in Treptow-Köpenick ist ein Projekt des offensiv'91 e.V. Es wird gefördert über Mittel des Bezirksamts Treptow-Köpenick. www.offensiv91.de. Die Tabelle der Angemessenheitsgrenzen wurde zur Verfügung gestellt von Xenion e.V.

interaxion

offensiv'91 e.V.
Verein für soziale und kulturelle Dienste für Frauen, Familien, Kinder und Jugendliche

Bezirksamt Treptow-Köpenick | BERLIN